# ምምስራት ግንባር ናቕፋ ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

## ስትራተጂያዊ ምዝላቕ

## (6ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

መፋርቕ 1978፡ ስርዓት ደርግ ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓገዝ ሕብረት ሶቭየት ድሕሪ ምስናቑ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ መሰረታዊ ምቅይያር ስለዝተኸስተ፡ መኸሰባት ሰውራ ክሕሎ፡ ሰውራ ክዕቀብን ክድሕንን ሓደ ወሳኒ ስጉምቲ ምውሳድ ዝጠልብ ወሳኒ እዋን ነበረ። ነቲ ብወገን ደርግ ተዳልዩ ዝነበረ ክሳብ ዓንቀሩ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ ገዚፍ ወራሪ ሰራዊት፡ በቲ ውሱን ዓቕሚ ሰውራ ተመጢጥካ ክትገጥሞ ዝከኣል ስለዘይነበረ፡ ዓቕምኻ ጠርኒፍካ ከተድምዓሉ እትኽእል ቦታ መሪጽካ፡ ኣብ ዝተናውሐ ኲናት ኣረብሪብካ ምስዓሩ፡ መተካእታ ዘይነበሮ ምርጫ ኮነ። በዚ ድማ ብወገን ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ህዝባዊ ግንባር፡ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ክግበር ተወሰነ። ኣብ ሰነ 1978፡ ስርዓት ደርግ ንቀዳማይ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ነቐለ። ኣብ ኣስመራን ካልኦት ተኸቢበን ዝነበራ ከተማታትን ዝነበረ ሰራዊት ወሲኽካ፡ ኣብዚ ወራር'ዚ ልዕሊ 120,000 ሰራዊት ተሰሊፉ ነበረ። እዚ ገዚፍ ወራሪ ሰራዊት'ዚ ብደረጃ ግብረ-ሃይልታት (Task force) ዝተወደበ ኰይኑ፡ 501፡ 502፡ 503፡ 505፡ 506፡ 507 ዝብል መጸውዒታት ዝተዋህቦ ነበረ። እዞም ግብረ-ሃይልታት፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ

ነናይ ገዛእ ርእሶም ፍሉይ ሽቶታት ዝተዋህቦም ሓይሊ ዕማም ድኣ እምበር፡ ቀዋሚን ሓደ ዝዓይነቱን ኣወሃዳባ ኣይነበሮምን። ከኸም ዝተዋህቦም ናይ መጥቃዕቲ ዒላማታት ኣብ ውሽጦም ዝተፈላለየ ናይ ኣወዳድባ መልክዕ ብዝሒን ዝነበሮም ብጠቕላላ 38 ኣጋር ብርጌዳት፡ 6 መካናይዝድ ብርጌዳት፡ 10 ናይ መድፍዕ ሻለቃታት ዝሓቘፉ ነበሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዘመናውያን መራኽብ ውግእ ዝዓጠቐ ሓይሊ-ባሕሪ፡ ልዕሊ ሓሙሽተ ስኳድሮን ጀት ተዋጋእቲ ነፋሪት ዝዓጠቐ ሓይሊ-ኣየር፡ ከም ወሃቢ ደገፍ ተዳልዩ ነበረ። ኣብ ኣስመራ፡ ባጽዕ፡ ዓዲ-ቐይሕ ዝነበረ ዘይንዓቕ ብዝሒ ዝነበሮ ሰራዊት ከኣ፡ ምስዞም ግብረ-ሃይልታት ብምውህሃድ ከጥቅዕ ንወፍሪ ቅሩብ ኮነ። ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ሰውራ ኤርትራ ብመንጽር'ዚ ወራሪ ሓይሊ'ዚ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣይነበረን። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግንባራት ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ 8 ኣጋር ብርጌዳትን 1 ናይ ከቢድ ብረት ብርጌድን ኮይኑ፡ ዓቕሚ ሰብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ 15 ሽሕ ዝበዝሕ ኣይነበረን። ዓቕሚ ሰብ ተ.ሓ.ኤ. እውን ተመሳሳሊ ነበረ። ብመንጽር ጸላኢ ኣዝዩ ውሑድ ቁጽሪ ዝነበረን ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ንከተማ ኣስመራ ብሰሜን፡ ብምዕራብ፡ ብምብራቕን ደቡብን ብኣርባዕተ ግንባራት ኣኸቢበንኣ ነበራ። ገለ ክፋል ባጽዕ ኣብ ትሕቲ ደርግ ብምንባሩ፡ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ'ውን ግንባር ተመስሪቱ ነበረ። ኣብ ዓዲቐይሕ እውን ብተመሳሳሊ፡ ብሰሜንን ደቡብን ግንባራት ነበረ። ኣብ ዶብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ከኣ፡ ብወገን ግርሁ ስርናይን መረብን ሓይልታት ህዝባዊ ግንባርን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ዝዓረዳሉ መከላኸሊ መስመር ተመስሪቱ ነበረ። ጋሽ-ባርካ ብምሉኡ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ተጋድሎ ሓርነት ኮይኑ ባረንቱ ብሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ተኸቢባ ነበረት። ብሓፈሻ እቲ ምስ ዓቕሚ ቅያ ስጡም መስርዕ! ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ (6ይ ክፋል) ሰሎሙን በርሀ ደርግ ብምንጽጻር ኣዝዩ ንኡስ ዓቕሚ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ ብዙሕ ግንባራት ዝተመቓቐለ ነበረ። ደርግ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳእን ንሓዋሩን ንምድምሳስ ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ግንባራት ተወሳኺ ካልእ ሓደስቲ ግንባራት ከፈተ። ካብ ጎንደር ብሑመራ፡ ንኦምሓጀር፡ ካብ ሽረ ብዓዲ-ዳዕሮ ንባረንቱ፡ ካብ ዓድዋ ብራማ ናብ መረብን ዓዲኳላን፡ ብሸነኽ እንትጮ ናብ ግርሁ ስርናይን ጾሮናን ክወፍር ድማ ተዳለወ። ኣብ ኣስመራ፡ ባጽዕን ዓዲ-ቐይሕን ዝነበረ ሰራዊት እውን ምስዚ ኣንፈታት መጥቃዕቲ'ዚ ተወሃሂዱ ክንቀሳቐስ፡ ንወፍሪ ተቐረበ። ቀዳማይ ወራር (ሰነ-ነሓሰ 1978) ቀዳማይ ወራር ብ13 ሰነ 1978 ብግርሁ-ስርናይ ፈለመ። ወተሃደራዊ ውጥን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝጥዕም ቦታ ንጸላኢ ገጢምካ

እናዳኸምካ፡ ሰብካን ንብረትካን ወዲብካ ምዝላቕ ነበረ። በዚ መደብ'ዚ 1ይ ወራር ንወርሒ መመላእታ ተመከተ። ብድሕሪ'ዚ ሰራዊት ደርግ ብሑመራ ኣቢሉ ንኦምሓጀር ወፈረ። ካብ ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ከቢድ ተቓውሞ ስለዘይገጠሞ ከኣ ተሰነይ ተቈጻጺሩ ባረንቱ በጽሐ። እቲ ካብ ዓዲ-ዳዕሮ ብምዕራብ ኤርትራ ዝወፈረ ሓይሊ'ውን፡ ብሻምብቆ ኣቢሉ ባረንቱ ኣተወ። በዚ ከኣ ከረን ኣብ ሓደጋ ከም እትኣቱ ርዱእ ኮነ። እዚ ሓይሊ'ዚ ኣቝርደት ቅድሚ ምብጽሑ፡ ገለ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ መጎሎ ክዓግትኦ ፈቲነን ነበራ። እንተኾነ ጥሒሱወን ብምሕላፍ ኣቝርደት ስለዝኣተወ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ካብ መጎሎ ስሒበን ንግዜኡ ኣብ እንገርነ መከላኸሊ መስመር ክሕዛ ተገደዳ። ብሸነኽ ራማ ንዓዲ ኳላ ክኣቱ ዝወፈረ ወራሪ ሰራዊት፡ ኣብ ከባቢ እንዳገርግስ ሓይልታት ተጋድሎ ሓርነት ንኣስታት ወርሒ ዝኸውን መኪተን፡ 9 ዝኾና ታንክታት ማሪኸን ደው ከብልኦ ክኢለን ነይረን። እዚ መኸተ'ዚ፡ ኣብ እዋን ምዝላቕ ብሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ዝተገብረ እንኮ ተሪር መኸተ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ጸላኢ ንሓይልታት ተሓኤ ጥሒሱ ዓዲኳላ ሓሊፉ መንደፈራ በጽሐ። ብሸነኽ ግርሁ ስርናይ ዝተኸፍተ መጥቃዕቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንወርሒ መመላእታ መኪቱ ክዓግቶ ክኢሉ እኳ እንተነበረ፡ ሰራዊት ደርግ ብመንደፈራ ናብ ኣስመራ ገጹ ምስ ተንቀሳቐሰ፡ ነቶም ኣብ ደቡባዊ ኤርትራ ዝዋግኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብድሕሪኦም ተጠውዩ ከኽብቦም ተኸእሎ ስለዝነበረ፡ ኣብ ኣተሓሕዛ ግንባራት ለውጢ ክግበር ግድን ኮነ። በዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር ካብ ምሉእ ደቡባዊ ግንባር ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ወሰደ። ድሕሪ'ዚ ግጥማት'ዚ፡ እቲ ዓመት መመላእታ ተዓጽዩ ዝነበረ ጽርግያታት ኣስመራ-መረብ፡ ኣስመራ-ዛላምበሳ፡ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ደርግ ኣተወ። በዚ ፍናን ዝረኸበ ሰራዊት ደርግ ብ31 ነሓሰ 1978 ካብ ኣስመራ ተበጊሱ ኣብ ልዕሊ ሰሜናዊ ግንባር መጥቃዕቲ ብምኽፋት ክሳብ መቐርካ ክበጽሕ ክኢሉ እኳ እንተነበረ፡ ብሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ተጸፊዑ ንዓዲ ገብሩ ከምዝምለሰ ተገብረ። ኣብ ምብራቓዊ ግንባር፡ ኣቐድም ኣቢሉ ሰራዊት ደርግ ብብርቱዕ ደብዳባት ተሰንዩ ክደፍእ ስለዝኸኣለ፡ ህዝባዊ ግንባር ካብ ባጽዕ ስሒቡ ኣብ ዶጋሊ ዓሪዱ ነበረ። ቀዳማይ ወራር ድማ በዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት ኣብቅዐ። ቀዳማይ ወራር ኣብ ዘብቅዓሉ፡ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ብምብራቕ ኣብ ዶጋሊ፥ ብሰሜን ካብ ገማግም ድርፎ ጀሚሩ ብኳዜን እምባደርሆ፡ ብከባቢ ዓደብስሉስ ብዓዲ ያዕቆብ ክሳብ ዓዲ ገብሩ ተዘርጊሑ መከላኸሊ መስመር ሒዙ ነበረ። ግንባር ሰይዲቺ ኣብቲ ዝነበሮ ኲይኑ፡ ብጉልዒ ኣቢሉ ምስ ዝግብ እናተጣመመተ ንክሳድ ቀጸላ

ይዝርጋሕ ነበረ። ምኽንያቱ ደርግ ካብ ሰገነይቲን ደቀምሓረን ናብ ማይሓባርን ዓዶሮሶን ከይወፍር ምቁማት የድሊ ስለ ዝነበረ። ሓድሽ ዝተመስረተ ግንባር እንገርነ ድማ ንኣቑርደትን ከባቢኣን የቋምት ነበረ። ካልኣይ ወራር (ሕዳር 1978) ደርግ ድሕሪ ቀዳማይ ወራር፡ ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ዘድሊ ምውድዳብን ምቅርራብን ብምግባር፡ ብ18 ሕዳር 1978 ካልኣይ ማዕበል ወራሩ ብወገን ባጽዕ ጀመረ። ንጽባሒቱ ድማ ብምዕራብ ኤርትራ ካብ ኣቑርደት ተበጊሱ ንከባቢ እንገርነ ኣጥቅዐ። ድሕሪ'ዚ ብ21 ሕዳር እቲ ዝበርትዐ መጥቃዕቲ ኣብ ሰሜናዊ ግንባር ከባቢ ዓዲ ያዕቆብ ከፈተ። ጸላኢ ኣብ ግንባር ባጽዕ፡ ፊትንፊት ናይ ምጥሓስን ንጸጋም ክንፊ ፈጢርካ ናይ ምምጣጥን ስልቲ'ዩ ተጠቒሙ። በዚ መሰረት ኣብ ጽርግያ ባጽዕ-ኣስመራ እናጥቀዐ፡ ብጸጋም እምበረሚ ሓሊፉ ንሰሜን ተንቀሳቐሰ። እቲ ኣብ ኣስመራን ኣቑርደትን ተኹሚሩ ዝነበረ ዓቕሚ ሰራዊት ደርግ ብዝሒ ስለ ዝነበሮ፡ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ስልትታት ተጠቒሙ ከረን ንምቁጽጻር ከም ዝፍትን ፍሉጥ ነበረ። ኣብ ግንባር እንገርነ፡ ፈለማ ብሸነኽ ቃር-ዑበል ጽቡቕ ተጸፊዑ እኳ እንተነበረ፡ ጸኒሑ ብዓዲ መጃወራይ ኣቢሉ ናይ ምምጣጥ ስልቲ ስለ ዝተጠቕመ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ነዚ መካናይዝድ ሓይሊ'ዚ በቲ ውሱን ዓቕሙ ኣብቲ ሰፊሕ ጐልጎል ክገጥሞ ኣሸጋሪ ስለዝነበረ፡ ንበጉ ክስብሰብ ተገደደ። ጸላኢ እግሪ እግሩ ስለዝሰዓበ ግን ኣብ ከባቢ በጉ እውን ምዕጋቱ ኣይተኻእለን። በዚ ጸቕጢ'ዚ ድማ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንከረን ገዲፉ ናብ ገንፈሎም ክስሕብ ተገደደ። ካብ ባጽዕ ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ ጸላኢ፡ ብጎላጉል ብበዓል ፍግረት፡ ማይ ኣዋልድ፡ ሽዕብ፡ ከምኡ'ውን ብማርሳ ጉልቡብ፡ ንሰሜን ቀጺሉ ናብ ምብራቓዊ ጎቦታት ተጸጊዑ ብኣዝሃራ ኣቢሉ ንኣፍዓበት ክሓንቕ ይህንደድ ስለ ዝነበረ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ነዚ መደብ'ዚ ንምኹላፍ ዘኽእል ኣተሓሕዛ ክገብር ካብ ከረን ጥራይ ዘይኮነ ካብ ምብራቓዊ ግንባር እውን ከዝልቕ ወሰነ። ኣብዚ ወራር'ዚ ጸላኢ ኣብ ሰሜናዊ ግንባር ዝተጠቕመሉ ስልቲ ኲናት፡ ብጸቢብ ቦታ ድፋዕ ዓዲ ያዕቆብ ደብዳብ መዳፍዕን ኣጽዒቕካ ብታንክታት ጥሒስካ ምሕላፍ እዩ። ብኸምዚ ከኣ ድፋዓት ዓዲ ያዕቆብ ስለ ዝፈረሰ፡ ምስቲ ብምብራቕ ዝነበረ ምዕባለታት ተኣሳሲሩ ምትዕርራይ ቦታ ክግበር ግድን ኮነ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ካብ ሰሜናዊ ግንባር ምስ ኣዝለቐ፡ ነቲ ህንዱድ ሰራዊት፡ ኣብ ከባቢ ዒላበርዕድ ድብያ ኣዳልዩ ድሕሪ ምምካት፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ኣሰኪሙ፡ 13 ታንክታት ሓምሺሹ፡ ብዙሕ ኣጽዋር ክሰልብ ከኣለ። ውግእ ዒላበርዕድ፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ግጥማት እዋን ምዝላቕ እዩ። ኣብዚ መስተንክራዊ

ጅግንነት ዝተራእዮ ውግእ ዓቢ ዓወት እኳ እንተ ተመዝገበ፡ ምስቲ ብምብራቕን ምዕራብን ዝነበረ ምዕባለታት ኣብኡ’ውን ደው ምባል ዘዋጽእ ኣይነበረን። ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብ ዒላበርዕድ ስሒቡ ናብ ከረን፡ ካብኡ ናብ ገንፈሎም ኣዝለቐ። በዚ ድማ ከረን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰራዊት ደርግ ኣተወት። ብሸነኽ ምብራቕ ዝነበራ ሓይልታት እውን፡ ነቲ ናብ ኣፍዓበት ዘቕንዐ ህንዱድ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ማዕሚደ ዓጊተን ድሕሪ ምምካት፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲደን ግስጋሰኦ ደው ኣበልኦ። እዚ ናይ ማዕሚደ ውግእ እውን ሓደ ካብ ወሰንቲን ከበድቲን ግጥማት ግዜ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ካልኣይ ወራር፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብሰለስተኡ ግንባራት ማለት ብሰሜናዊ ግንባር ኣብ ዒላበርዕድ፡ ብምዕራባዊ ግንባር ከባቢ እንገርነን በጉን፡ ብምብራቓዊ ግንባር ካብ ከባቢ ዶጋሊ ክሳብ ማዕሚደ ኣብ ዝተኻየደ ዓበይቲ ግጥማት ንሓይሊ ጸላኢ ዘዳኸመ ዓወታት ብምምዝጋብ፡ ኣብ ገንፈሎምን ማዕሚደን ዓረደ። ሳልሳይ ወራር፡ (ጥሪ-ለካቲት 1979) ድሕሪ ካልኣይ ወራር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ፍርቁ ኣብ ገንፈሎም ፍርቁ ኣብ ማዕሚደ ዓሪዱ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ደርግ፡ ነቲ ብወገን ገንፈሎም ዝነበረ ዓቕሙ ካብ ኣስመራን ኣቝርደትን፡ ነቲ ብሸነኽ ማዕሚደ ዝነበረ ዓቕሙ ከኣ ካብ ባጽዕን ከባቢኣን ብዘምጽኦ ተወሳኺ ሓይሊ ኣጠናኺሩ፡ ንሳልሳይ ወራር ኣብ ምቅርራብ ኣተወ። ሳልሳይ ወራር ከኣ ኣብ ጥሪ 1979፡ ኣብ ገንፈሎም ጀመረ። ሰራዊት ደርግ ንህዝባዊ ሰራዊት ጥሒሱ ንምሕላፍ ብወገን ገንፈሎም ቀጻሊ ፈተነታት ኣካየደ። ኣብዚ ግንባር’ዚ፡ ብፍላይ ብርጌድ 31 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዓሪዱሉ ኣብ ዝነበረ የማናይ ክንፊ፡ ንወርሒ መመላእታ ሓያል ምርብራብ ተኻየደ። ድሕሪ ወርሕን ክልተ ሰሙንን፡ ህዝባዊ ግንባር፡ የማናይ ክንፊ ግንባር ገንፈሎም ስለ ዝገፍሖ፡ ብ15 ጥሪ ካብ ገንፈሎም ናብቲ ሰራዊት ደርግ ኣጽዋሩን ታንክታቱን ከም ድላዩ ክጥቀመሉ ዘይክእል ጸቢብ ቦታ ማለት ናብ ከኣብ ቆጋይ ሰሓቦ። ምስ ስትራተጂያዊ ታባ ግልንዲ ኣብ ዝተኣሳሰር መከላኸሊ መስመር ድማ ብርቱዕ ውግእ ቀጸለ። ብ25 ጥሪ 1979 ግን፡ ጸላኢ ንግንባር ማዕሚደ ገዲፉ ብባሕሪ ማርሳ ተኽላይ ሒዙ ናብ እማህሚመ ስለ ዝተበገሰ፡ ክልተኡ ግንባራት ማዕሚደን ቆጋይን ስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ ኣብቅዐ። ገለ ክፋል ህዝባዊ ሰራዊት ነቲ ብወገን እማህሚመ ዝመጸ ሰራዊት ንምዕጋት ናብ ጎቦታት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክኣየ እንከሎ፡ እቲ ካልእ ክፋል ከኣ፡ ኣፍዓበት ገዲፉ ኣብ እግሪ ናቕፋ የማነ ጸጋም ሩባ ሕዳይ ዓረደ። ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ፡ እቲ ን9 ዓመት መመላእታ ከቢድ ምርብራብ ዝተኻየደሉ

ግንባር ናቕፋን ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ከመይ ኢሉ ከምእተመስረተ ክንርኢ ኢና።